*መግለጺ(8)መጋቢት፣ኣህግራዊት መዓልቲ፣ ንነጻነት ዝከፈላ መስዋእቲ፣ ንሐርነት ዝበለያ ኣብ ማእሰርቲ፣ ንታሪኽን ክንገልጾ ቡብሐንቲ።*




*ብትእዛዝ ጸረ ሰኒት ጉጅለ ክዓዕ፣ኣለም መሰፍን ዋዕሮ እታ ተባዕ፣ ምስ ብጻያ ኣብ ግንባራ ትውቃዕ፣ታሪኽ ሰውእቲ ኣለም መሰፍን ዋዕሮ፣ እዝጊ ረቢ ዝሃቦ፣ ጽባሕ ይዝርዝሮ፣ ንደቂ ኤረይ ክላበወክን፣ኣብ2019'ክተራጋግጽኦ ሐድነትክን፣ ኣብ(8) መጋቢት ምሕጽኖተይ ንዓኽን፣*

*(ግዜ ያኣክል ቀደም ሐሊፉ)*

*ኣብ ሜዳ ብዙሓት፣ ተሰዊኤን ሰንኪለን ብትብዓት፣ኣብ ተሓኤ፣ግንባር ብግብሪ ዘመስከረት፣ተቓሊሳ ንመሰላ ንነጻነት፣ ንድርብ ወጽዓ መስዋእቲ ዝኸፈለት፣*

*ዋዕሮታት ደቂ ኤረይ ሰሪሔን ቅያ፣ምሳኽን ኣለዋ ዝሰንከላ ዝደመያ፣ኣብ 8 መጋቢት ብሐደ ድምጺ ተደሃያ፣ወለዶ ሎሚ ኣሰርክን ንፍትሒ ክኀያ..*

*(ኣብ ኣህግራዊት መዓልቲ)*

*ከምተን ንድርብ ወጽዓ ዝኸፈላ መስዋእቲ፣ ኣርኣያ ክትኮና ክንዲ ኣደ ሐፍቲ፣ ዓወት ክትሐፍሳ ምእንቲ፣ተጠርነፉ ኣብ ሐንቲ፣;ብኣርዮስ ከምዘይ ተጠለማ፣ ኣለዋ ህግደፍ ክብላ እዝንና ዝጽመማ፣ብስኒት ወስና እሞ ቀኒኤን እንተ ለበማ፣*

*እተን ቁሩብ ቁራብና፣ ክንዲ ኣደ፣ ማዓሮይ ሳንዳይ ኣብሻይ ደብሰኣ ነደ፣ ሰዉእ ዝዞኽተመት ወሊዳ ንሐደ፣ ምርያም; ሰናይት;ኣስተር;እተን ዝበልሐ፣ካብ ማእሰርቲ ክፍተሐ፣ ብዓውታ ጸውዓ፣ኣሰርክን ክስዕባ እተን ዝፈርሐ።*

*ኣደታት ድያስፖራ፣ብስኒት ዘምራ፣መቓልሕክን ክበጽሕ ንኤርትራ፣ ጥፋእና ክብላ፣ ብስልጣን ዝዓወራ፣ዝተቃለሰክን ንድርብ ወጽዓ፣ደቂ ኤረይ ኣብ ዕላማኽን ጽንዓ፣ ከይትጠልማ ኣቲኽን ኢኽን መብጻዓ።*

*(ግዜ ያኣክል ቀደም ሐሊፉ)*

*ሓየት ኋል ኤረይ፣ ተዋጊኣ ኣዋጊኣ፣ተወጊኣ ተሰዊኣ፣ምስ ፈጸመት ግቡኣ፣ዋዕሮ ሐራስ ነብሪ፣ ሐባሪት መንገዲ፣ ተቓሊሳ ምስ ኣተወት ንዓዲ፣ ብፎዝያ አሰካሉ ዝተጠልመት፣ ዓገብ ኢላ፣ኣብ ጎናጉዲ ዝበለየት፣ ምርያም; ኣስተር;ሰናይት; ህያው ኣብነት፣ኢይረሳዕናዮን ናታትክን ውዕለት።*

*(ግዜ ያኣክል ቀደም ሐሊፉ)*

*ደም ኤረትራዊያን ዝለመደ፣ሐሐሊፉ ሐዊ እንዳ ኣጎደ፣ ንፍረኽን ብመደብ ከየትረፈ ንሐደ፣ ብደብ ኣሳቢቡ ኣፖፈእዎም ቡብሐደ፣ዓገብ ዝብል ዊሒዱ፣ሐድጊ ዋዕሮ ዳግማይ ዓሪዱ፣ኣሰርኪ ሲዒቡ፣ተበጅዩ ንዓዱ።*

*ዋዕሮ ብጭፍራ ተጠሊማ፣ሹዑ ወላዲት ጅጋኑ፣ ርእሳ ተደርሚማ፣ ዘይሐሰብካዮ ርኽብ፣ኣይመርገም ኣይምርቓ፣ ኤርትራ ኣይትተርፍንያ ብህግደፍ ተሰሪቓ፣ዘይከድዓ ኣለዋና ንመሰል ዝጣበቓ።*

*(ግዜ ያኣክል ቀደም ሐሊፉ)ራኢ ሰዉኣትና ክንዛዝሞ፣ኣብ (8)መጋቢት;ባህልናን ልምድናን ክነህብትሞ፣ወለዶ ትማሊ ሎሚ፣ንሳነ እሞ፣ ንኣርዮስ ኣሊና ክንሃንጾ ኣጉዶ ምስ ህድሞ።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ክብርን ምጎስን፣ ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና፣ ዕንወት ንኛንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና፣ዓወት ን፰ መጋቢት ታሪኻዊት ዕለት፣ካብ ዉሸጡ ሑሩር ኣባል ተሔኤ፣በርህ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*